UiT RKBU Nord

PIRM

# ኣብዚ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት እዚ ክትሳተፍ ትደሊ`ዶ?

## «ንስደተኛታት ስድራቤታት እተዳለወ መምርሒ ወለዲ»

እዛ ሕቶ እዚኣ፡ ንዓኻ ከም ወላዲ መጠን፡ ነቶም ኣብ ኖርወይ ዚቕመጡ ናይ ስደተኛታት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ስድራቤታት ዚኸውን *መምርሒ ወለዲ* ንምድላው ኣብ ዝግበር ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ክትሳተፍ ዝቐረበትልካ ሕቶ እያ። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ድማ ሓበሬታ ብዛዕባ ዕላማ እዚ ፕሮጀክት እዝን ኣብዚ ምስታፍካ ንዓኻ ብዛዕባ ዘለዎ ትርጉምን ኽንሕብረካ/ኪ ኢና።

### ዕላማ

ዕላማ እዚ መጽናዕቲ፡ ውጽኢታውነት እቲ ንስደተኛታት ድሕረ ባይታ ንዘለዎም ስድራቤታት እተዳለወ *"ዘደንቓ ዓመታት"* (DUÅ) ከምኡውን *"ዓለምለኻዊ ውጥን ምዕባለ ቈልዑ"* (ICDP) ዝብሃል መደባት *መምርሒ ወለዲ* ንምግምጋምን እዩ። ብዘይካዚ፡ ውጽኢታውነት ሓደ ምላሽ ዝወሃበሉ ሜላ (tilbakemeldingssystem) እውን ክግምገም እዩ። እዚ ምላሽ ዝወሃበሉ ሜላ ድማ ኣብ ኣገልግሎት ስደተኛታት ክውዕል እዩ።

መምርሒ ወለዲ፡ ሓደ ኻብቲ ስደተኛታት ዝመሃርዎ ኣብ ኢንትሮዳክሺን ፕሮግራም መደብ መላለዩ ኪኸውን እዩ። ናትና ድሊት ካብዚ መጽናዕቲዊ ፕሮጀክት እዚ ፈልጠትና ከነዕብን መምርሒ ወላዲ እቲ *"ዘደንቓ ዓመታት"* (DUÅ) ከምኡውን *"ዓለምለኻዊ ውጥን ምዕባለ ቈልዑ"* (ICDP) ዝብሃሉ መደባት መምርሒታት ብከመይ ንወለድን ቈልዑን ናይ ስደተኛታት ድሕረ ባይታ ንዘለዎም ይሕግዞም ከም ዘሎ ንምግምጋምን፡ ኣብዚ መደባት *መምርሒ ወለዲ* ብምስታፎም ከኣ እንታይ ተመክሮ ኸም ዝረኸቡ ዝያዳ ኽንፈልጥ ንደሊ ኢና። ቀንዲ ዕላማ እዚ መጽናዕቲዊ መደብ *መምርሒ ወለዲ* ኣወንታዊ ርክብ ክህሉን ወለዲ ንደቆም ዝሕዝሉ ኣሉታዊ ኣተሓሕዛ ኽጐድልን እንተ ሓጊዙ ንምፍላጥ እዩ። ተመክሮን ጸብጻብን ወለድን ቈልዑን መራሕቲ ጕጅለን እውን ከጽናዕ እዩ።

### ነዚ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ሓላፍነት ዝወስድ መን እዩ?

ነዚ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ሓላፍነት ዝወስድ፡ እቲ ኣብ UiT - ኣርክቲካዊ ዩኒቨርሲቲ ኖርወይ ዝርከብ ማእከል ፍልጠት ቈልዑን መንእሰያትን ሰሜናዊ ዞባ እዩ። እዚ ፕሮጀክት እዚ ብምትሕብባር እቲ ኣብ NTNU (ዩኒቨርሲቲ ሳይንስን ተክኖሎጅን ኖርወይ) ዝርከብ ማእከል ፍልጠት ቈልዑን መንእሰያት ማእከላይ ኖርወይ፡ ኣብ NORCE (ማእከል ምርምር ኖርወይ) ዝርከብ ማእከል ፍልጠት ቈልዑን መንእሰያትን ምዕራባዊ ዞባ፡ ከምኡውን ማእከል ኣእምሮኣዊ ጥዕና ቈልዑን መንእሰያትን ምብራቓውን ደቡባውን ዞባን ንወለዲ ዝድግፍን ዝከላኸሉን ብቑዓት ኪኢላታት እተዳለወ እዩ(SKM)።

ብተወሳኺ፡ ምስ ቤት ጽሕፈት ምውህሃድን ብዙሑነትን ምስ ኣገልግሎት ስደተኛታት ምምሕዳር ከተማ ብምትሕብባር እውን ንሰርሕ ኢና።

### ኣብዚ ክትሳተፍ እተሓተትካ ስለምንታይ ኢኻ?

ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ክትሳተፍ እተሓተትካ፡ ምምሕዳር ከተማኻ ኣብዚ ናይ መጽናዕቲዊ ፕሮጀክት ክሳተፍ ስለ እተሰማምዐ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ትሽዓተ ዓመታት ኣብቲ ምምሕዳር ከተማ እተቐመጡ ስደተኛታት ስድራቤትታት ከኣ ኣብቲ መጽናዕቲ ክካፈሉ ዕድመ ቐሪቡሎም እዩ። ብድምር 352 ተሳተፍቲ ስድራ ቤታት ካብ 6-12 ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዘለውዎም ኢና እንደሊ።

### ኣብዚ መጽናዕቲ ምስታፍካ፡ ንዓኻ እንታይ ትርጉም ኣለዎ?

ከም ተሳታፊ እዚ መጽናዕቲ መጠን፡ ኣብ *"ዘደንቓ ዓመታት"* (DUÅ) ወይ ከኣ ኣብ *"ዓለምለኻዊ ውጥን ምዕባለ ቈልዑ"* (ICDP) ዝብሃል መደባት *መምርሒ ወለዲ* ኽትሳተፍ ኢኻ። ኣበየናይ መደብ ከም እትካፈል ብዕጫ እዩ ዝወጸልካ። ኣብ ገሊኡ ጕጅለታት መምርሒ ወለዲ፡ እቶም ወለዲ ብኸመይ ከም እተጠቕምሉ ዚገልጹሉ ምላሽ ዝወሃበሉ ሜላ (MFS) ኽንፍትን ኢና። ኣብዚ ጕጅለ እዚ ዘለዉ ተሳተፍቲ፡ እተወሰነ ሕቶታት ክምልሱ ሰሙን ሰሙን ክሕተቱ እዮም። እቲ መልስታት ከኣ፡ ነቶም ንመደብ *መምርሒ ወለዲ* ዝቈጻጸሩ መራሕቲ ጕጅለታት ክወሃቦም እዩ።

ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ክትሳተፍ ከለኻ፡ መጠይቕ ዝሓዘ ፎርም ክትመልእ ኢኻ። ንመምህር ሓላፊ ክፍሊ ውሉድካ ብዛዕባ እቲ ውሉድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርእዮ ባህርያት ክንሓትቶ እውን ክትፈቕደልና ንደሊ ኢና።

ኣብዚ መጽናዕቲ ካብ ወለድን ቈልዑን መራሕቲ ጒጅለን ንእተመርጹ ሰባት ቃለ መጠይቕ ክንገብረሎም ኢና። ስለዚ ድማ ኢና ኣብ ቃለ መጠይቕ ክትሳተፍ ፍቓድካ ንሓትት ዘለና። ውላድካ ኣብ ቃለ መጠይቕ ክሳተፍ ክትፈቕደሉ እውን ንሓትተካ። ንስኻ ምስ እትፈቕደሉ፡ ንሕና እውን ፍቓደኛ ከም ዝኾነ ኣብ ግዜ ቃለ መጠይቕ ብቓላቱ ከረጋጸልና ክንሓቶ ኢና።

ብመሰረት እቲ *"ዘደንቓ ዓመታት"* (DUÅ) ዝብሃል መደብ ዝግበር ኩሉ ኣኼባታት ጒጅለታት ብቪድዮ ክቕረጽ እዩ። ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ተመራመርትን መራሕቲ ጒጅለን ሓለፍቶምን ነቲ ቪድዮ ክርእይዎ እዮም። ስለዚ ንስኻ ከም ተሳታፊ እቲ ጒጅለ መጠን፡ እቲ ኣኼባታት ጒጅለ ብቪድዮ ክቕረጽ ክትሰማማዕ ንሓትተካ።

ኣብ ታሕቲ፡ ዝርዝር እቲ ክትሰማምዓሉ እንደልየካ እተፈላለየ ነገራት ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## መምርሒ ወለዲ

*"ዘደንቓ ዓመታት"* (DUÅ) ከምኡውን *"ዓለምለኻዊ ውጥን ምዕባለ ቈልዑ"* (ICDP)፡ ወለዲ ምስ ውሉዶም ክተሓባበሩን ንውሉዶም ንጹርን ጠቓምን ደረት ክገብሩሉን ንምስልጣን ተባሂሉ እተዳለወ *መምርሒ ወለዲ* እዩ። ወለዲ ብጒጅለታት ኰይኖም ምስ ደቆም ንዘለዎም ርክብ ንኽማዕብሉ ኽዓዩን እዮም።

መደብ *"ዘደንቓ ዓመታት"* (DUÅ)፡ ወለዲ ንኣሉታዊ ባህርያት ደቆም ዕሽሽ ብምባል ኣብ ኣወንታዊ ባህርያቶም ከተኲሩ ኣብ ዝሕግዝ እተፈላለየ ናውቲ ዘተኰረ እዩ። ኣብ ኣወንታዊ ነገራት ምትኳር፡ ምስቶም ዝቐርቡኻ ጽቡቕ ርክብ ክህልወካን ውሑስ ርክብ ክህልወካን ኣበርክቶ ይገብር እዩ። እቲ ስልጠና፡ ብጒጅለታት እዩ ዝካየድ። ወለድን መራሕቲ ጒጅለን ከኣ መዓልታዊ ኣብ ዘጋጥም ኵነታትን ጸገማትን ብእተመስረተ ኣርእስትታት ይመያየጡ። ንኣብነት፡ ገለ ኻብቲ ኣርእስትታት፡ ናይ ጸዋታን በይንኻ ዝኸወነሉን ግዜ፡ ናእዳ፡ ብሓባር ሽግራት ምፍታሕ፡ ኣወንታዊ ትዥረት ዝብል እዩ። መራሕቲ ጒጅለታትን ወለድን ብሓባር ንደቆምን ንስድራቤቶምን ብዛዕባ ዘለዎም ዕላማ ብምምይያጥ፡ ወለዲ ግብራዊ ስልጠና ክረኽቡ እዮም። ኣብቲ ስልጠና፡ ከም መበገሲ ምይይጥ ዝኸውን ሓጸርቲ ቪድዮታትን ግብራዊ ልምምድን ክህሉ እዩ። እቶም መራሕቲ ጒጅለ ኖርወጅያኛ እዮም ዝዛረቡ። ግናኸ፡ ተርጓማይ ክህሉ እዩ። ኣብቲ እትሳተፈሉ ጒጅለ እተፈላለየ ቛንቋታት ዝዛረቡ ወለዲ ኽህልዉ ስለ ዝኽእሉ፡ እተፈላለዩ ተርጐምቲ እውን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኵሎም ተርጐምቲ ኸኣ፡ ምስጢር ከየውጽኡ ሰነድ ፈሪሞም እዮም።

*"ዓለምለኻዊ ውጥን ምዕባለ ቈልዑ"* (ICDP)፡ ክንክንን ኣተዓባብያን ቈልዑን መንእሰያትን ንምድልዳል ዝዓለመ መደብ ምስፍሕፋሕ ጥዕናን ምክልኻልን እዩ። *"ዓለምለኻዊ መደብ ምዕባለ ቈልዑ፡"* ኣብ ወለድን ካልኦት ወሃብቲ ደገፍን ኣተኲሩ ኣብ ኖርወይ እተፈጥረ መደብ እዩ። እዚ መደብ እዚ ወለዲ ንውሉዳቶም ኣብ ምክንኻን ሓገዝ ክረኽቡ ከምኡውን ናይ ወለዲ ባህላዊ ልምዲ ኣተሓሕዛ ቈልዑ ምስ ባህሊ ማሕበረሰብ ኖርወይ ከሰማምዑ ንምሕጋዝ እዩ ተዳልዩ። *"ዓለምለኻዊ መደብ ምዕባለ ቈልዑ፡"* ወለድን ወሃብቲ ደገፍን ንቈልዓ ኣብ ዘለዎም ኣረኣእያ የተኵር ከምኡውን ብዛዕባ እቲ ቈልዓ ኣወንታዊ ኣረኣእያን ኣተሓሕዛ ኽህልዎም ይሕግዝ እዩ። እቲ መደብ ኣብ መንጎ ወለድን ውሉዳትን ጽቡቕ ርክብ ምምስራት ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ዘጒልሕ ብቀሊል ሓገዝ ኣብ ዘጠቓለለ ሸሞንተ ቴማ እተመስረተ እዩ። እቲ ሸሞንተ ቴማ፡ ብዛዕባ ስምዒታት፡ ኣረኣእያ፡ ናይ ግንዛበ ምዕባለ፡ ስርዓት ምትሓዝ ዝገልጽ እዩ። ኣብ ገሊኡ ቦታታት፡ ንኣብነት፡ እቶም መራሕቲ ጒጅለ ቛንቋ ኣደ እቶም ተሳተፍቲ ዝዛረቡ እንተ ኾይኖም ወይ ተርጓማይ እንተ ኣልዩ፡ ICDP ብቛንቋ ኣደ እቲ ጒጅለታት ክቐርብ ይኽእል እዩ። ሰሙን ሰሙን ነቲ ኣብ ጒጅለኻ ምስ እትምሃሮ ዘለኻ ቴማ ዝተሓሓዝ ዕዮ ገዛ ኣብ ቤትካ ክትፍትኖ ኢኻ። ብጒጅለ ኽትእከብ ከለኻ ኣላዪት ቈልዑ ኽትህሉ እያ፣ ንዓኻን ንውሉድካን ዝኸውን ምግቢ እውን ክህሉ እዩ።

## ምላሽ ዝወሃበሉ ሜላ (TILBAKEMELDINGSSYSTEM)

ከም ሓደ ኽፋል እቲ መጽናዕቲ ሓደ ምላሽ ዝወሃበሉ ሜላ (tilbakemeldingssystem) ንመራሕቲ ጒጅለ ነቲ *መምርሒ ወለዲ* ንወለዲ ብዝሰማማዕ መገዲ ከቕርብዎ ዝሕግዞም እንተ ኾይኑ ክንምርምር ኢና።

ኣብቲ ምላሽ ዝወሃበሉ ሜላ (tilbakemeldingssystem) ዝፍተነሉ ጒጅለታት፡ ወለዲ ብሓደ ኣፕሊኬሽን ኣቢሎም ኣብ ሰሙን ዓሰርተ ክልተ ሕቶታት ክምልሱ እዮም። እቲ ኣፕሊኬሽን ከኣ ኣብ ዝኾነ ዓይነት ዘመናዊ ተሌፎን (ስማርት ፎን) ክትጽዕኖ ትኽእል ኢኻ። እቲ እትህቦ ምላሽ ናብ መራሕቲ ጒጅለታት ክለኣኽ እዩ። ንሳቶም ከኣ ውልቀ ሰባትን ጒጅለኦምን ብዛዕባ ዝገበርዎ ምዕባለን ዜድልዮም ደገፍን ሓፈሻዊ ርእይቶ ክረኽቡ እዮም። ምላሽካ ንምርምር እውን ክውዕል እዩ።

.

## ብመጠይቕ ዝቐርብ ሕቶታት

ኣብዚ ፕሮጀክት እዚ ክትሳተፍ እንተ ወሲንካ፡ ኣብ ግዜ እቲ መጽናዕቲ ኣርባዕተ ሳዕ፡ ማለት መደብ *መምርሒ ወለዲ* ቅድሚ ምጅማሩ፡ ኣብ ዝካየደሉ እዋን፡ ምስ ተወድአ፡ ኣብቲ ፕሮጀክት ድሕሪ ምክፋልካ ዓመት ጸኒሑ መጠይቕ ክትመልእ ኢኻ። እቲ ሕቶታት ብዛዕባኻ፡ ካበይ ከም ዝመጻእካ፡ ስራሕካ፡ ኣእምሮኣዊ ጥዕናኻ፡ ውላድካ እተዕብየሉ መገዲ፡ ሕማቕ ባህርያት ውሉድካ እትኣልየሉ መገዲ፡ ከምኡውን ጠባይ ውላድካ ዝምልከት ሕቶታት ኣለዎ። ንኹሉ እዚ ሕቶታት ምምላስ ክኸብደካ ይኽእል እዩ።

እቲ መጠይቕ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ዝምላእ ኰይኑ፡ ነዚ ዝሓዘ ሊንክ ብኢመይል ወይ ብናይ ቴሊፎን መልእኽቲ SMS ክስደደልካ እዩ። ነቲ መጠይቕ ክትመልኦ፡ ኣስታት 60 ደቒቕ እዩ ዝወስደልካ። ስለቲ ኣብዚ እተሕልፎ ግዜ ምስጋናና ንምግላጽ ንሰነድ ሓበሬታ መሊእካ ምስ ወዳእካ 200 ክሮነር ብመልኽዕ ናይ ህያብ ካርድ ክንከፍለካ ኢና። ነቲ ሳልሳይ (ብጕጅለታት ዝግበር ዕዮ ምስ ተወድአ) ከምኡውን ራብዓይ (ብጕጅለታት ዝግበር ዕዮ ምስ ተወድአ ዓመት ጸኒሑ)። (መዘኻኸሪ፡- እቲ ሰነድ ሓበሬታ ምላሽ እትህበሉ እተፈላለየ መጠይቓት ዘጠቓለለ ክኸውን ይኽእል እዩ።)

ንመምህር ውሉድካ እውን ብመጠይቕ ኣቢልና ብዛዕባ ውላድካ ገለ ሓበሬታ ኽህበና ኽንሓቶ ኢና። እቲ ሕቶታት፡ እቲ መምህር ብዛዕባ ባህርያትን ክእለትን ውላድካ ዘለዎ ኣረኣእያ ዝገልጸሉ እዩ።

## ቃለ መጠይቕ

ብዛዕባ ተመክሮን ኣተሓሳስባን ወለድን ደቆምን ፍልጠት ንምርካብ፡ ን40 ወለድን ን40 ውሉዳትን ቃለ መጠይቕ ክንገብረሎም ኢና። ንወለዲ ኣብ መደብ *መምርሒ ወለዲ* ብምስታፎም ብዛዕባ ዝረኸብዎ ተመክሮ ኸምኡውን ከም ስደተኛን ሓድሽን ኴንካ ኣብ ኖርወይ ብዛዕባ ምቕማጥ ክሕተቱ እዮም። እቶም ደቆም ከኣ፡ ናብ ሓድሽ ሃገር ብምምጻእኩም ብዛዕባ ዘሕለፍዎ ተመክሮ፡ ብስድራቤት ሓቢርኩም እንታይ ከም እትገብሩ፡ ከምኡውን ንቔልዓ ብኸመይ ከም እተዕብዮ/እተዕብይዎ ኽሕተቱ እዮም። ቅድሚ እቲ ቃለ መጠይቕ፡ ነቲ ንውላድካ እንሓትቶ ሕቶታት ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ። እቲ ቓለ መጠይቓት፡ ብሓገዝ ተርጓማይ ዝግበር ኰይኑ፡ ውሉዳት ኰኑ ዓበይቲ ድሕንነት ጽቡቕን ብዝስምዖም ኵነታት ክካየድ እዩ። እቲ ምሳኻን ምስ ውላድካን ዝግበር ቃለ መጠይቕ፡ ብድምጺ ክቕዳሕ እዩ።

እንተ ደሊኻ፡ ነቲ ቈልዓ ቓለ መጠይቕ ክግበረሉ ኸሎ፡ ምስቲ ቈልዓ፡ ወለዲ ወይ ካልኦት ዓበይቲ፡ ንኣብነት መምህር ክህሉ ይኽእል እዩ።

## ሰነድ ቪድዮ

ኵነታት እተፈላለየ ጕጅለታት ወለዲ ምእንቲ ኽንፈልጥ፡ ነቲ ብቪድዮ ተቐዲሑ እተቐመጠ መደብ *መምርሒ ወለዲ* ክንጥቀመሉ ንደሊ ኢና። ኣብቲ መደብ *መምርሒ ወለዲ* ተርጓማይ ምጥቃም ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ እውን ክንምርምር ንደሊ ኢና።

## ብወለንታ ዝግበር ተሳትፎ

*መምርሒ ስድራቤት* ናይ ግድን ክትወስዶ ዘሎካ ኽፋል መደብ መላልዩ እኳ እንተ ኾነ፡ ኣብዚ ብመጠይቕን ቃለ መጠይቕን ቪድዮን ኣቢሉ ዝካየድ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ምስታፍ ግና ኣብቲ ብወለንታኻ እትገብሮ ምርጫ እተሓድገ እዩ። ኣብዚ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ክትሳተፍ እንተ መሪጽካ፡ ድሕሪ ግዜ ምኽንያትካ ከይገለጽካ እውን ኣብ ዝኾነ እዋን ክትሓድጎ ትኽእል ኢኻ።

ካብቲ ፕሮጀክት እንተ ወጺእካ፡ ኵሉ እቲ ብዛዕባኻ እተኣከበ ሓበሬታ ገና ኣብቲ መጽናዕቲ ወይ ኣብ ሳይንሳዊ ጽሑፋት ዘይኣተወ እንተ ኾይኑ፡ ክድምሰሰልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ኣብዚ መጽናዕቲ ኽትሳተፍ እንተ ዘይደሊኻ ወይ እናተሳተፍካ ጸኒሕካ ደሓር እንተ ሓዲግካዮ፡ ኣባኻ፡ ኣብ ኖርወይ ኣብ ዝህልወካ ህይወት ወይ ኣብ ቀጐጠባዊ ኹነታትካ ዘሕድሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣይህሉን እዩ። እቲ ናይ ወለዲ ስልጠና ቕድሚ ምውዳኡ ኻብቲ መጽናዕቲ እንተ ኣቋሪጽካ፡ ኣብቲ ኣብ ናይ ወለዲ ስልጠና እትገብሮ ተሳትፎ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ ኣይህልዎን። ካብቲ መጽናዕቲ ክትወጽእ እንተ ወሲንካ፡ ንኣተሓባባሪ እቲ መጽናዕቲ ጆሽዋ ፓትራስ ሓብሮ፡- pirm@uit.no (ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ ኣብ ታሕቲ)።

## ምስጢራውነት ሓበሬታኻ – ንእትህበና ሓበሬታ እንሕዘሉን እንጥቀመሉን መገዲ

ነቲ ብዛዕባኻ ዝገልጽ ሓበሬታ፡ ብመሰረት እቲ ኣብዚ ደብዳበ እዚ ዝገለጽናዮ ዕላማ ጥራይ ኢና እንጥቀመሉ። ነቲ ሓበሬታ ብምስጢርን ምስ ፖሊሲ ምስጢራውነት ብዝሰማማዕ መገድን ክንሕዞ ኢና። ኣብ ማእከል ፍልጠት ቈልዑን መንእሰያትን ሰሜናዊ ዞባ (RKBU Nord)፡ ጕጅለ እቲ ፕሮጀክትን ጕጅለ ወሃብቲ ደገፍ እቲ መጽናዕትን ጥራይ እዮም ንሓበሬታኻ ክርእይዎ ዝኽእሉ።

ብዘይካዚ፡ ኣብተን ተሓባበርቲ ትካላት ዘለዉ ተመራመርትን ኣባላት እቲ ፕሮጀክትን ደገፍቲ ጕጅለታትን ጥራይ እውን ንውልቃዊ ሓበሬታኻ ክርእይዎ ይኽእሉ እዮም።

ድሕንነት ሓበሬታኻ ንምሕላው፡ ንኹሉ እቲ መጠይቕን ቃለ መጠይቓትን ብኢንተርነት ኣቢልና ኣብቲ TSD ዝብሃል ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦስሎ ዝርከብ ምስጢራዊ ሓበሬታ ዝቕመጠሉ ኮምፕዩተራዊ መኽዘን ኢና እነቐምጦ። ስምካን ኣድራሻኻን ብናይ ኮምፕዩተር ኮድ ክትካእ እዩ፣ እቲ ናይ ኮምፕዩተር ኮድ ከኣ ካብ ካልእ ሓበሬታታት ተፈልዩ ኣብ ሓደ ናይ ስም ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ክቕመጥ እዩ። እዚ ሰነድ እዚ ኸኣ ሊንክ ተገይሩ ብምስጢራዊ መገዲ ኣብ TSD ክቕመጥ እዩ።

ኩሉ ቓለ መጠይቓት፡ ብTotaltekst As ኣቢሉ ኣብ ጽሑፍ ክሰፍር እዩ።

ኩሉ እቲ ሓበሬታኻ ዝርእዮ ሰብ ሚስጥራውነት ክሕሉ ግዴታ ኣለዎ። ካብ ውጽኢት እቲ መጽናዕቲ ድማ፡ ንዓኻን ንውሉድካን ፈልዩ ኸፈልጠካ ኣይክእልን እዩ።

## እቲ ፕሮጀክት መጽናዕቲ ምስ ተወድአ፡ እቲ ሓበሬታኻ እንታይ እዩ ዝኸውን?

እቲ ፕሮጀክት፡ ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ መደብ፡ 31 ታሕሳስ 2030 ክዛዘም እዩ። እቲ ሊንክ እተገብረ ሰነድን እቲ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን መገዲ መንነትካ ዝገልጽ ካልእ ሓበሬታን ከኣ፡ እቲ መጽናዕቲ ምስ ተወድአ ሓሙሽተ ዓመት ጸኒሑ፡ ማለት 31.12.2035 ክድምሰስ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ሓበሬታ ብዛዕባ መን ከም ዝኾነ ኣይፍለጥን። ምሳኻን ምስ ስድራ ቤትካን ዝተሓሓዘ ምላሻትን ሓበሬታን ከኣ ድሕሪኡ ናይ መን ከም ዝኾነ ኣይክፍለጥን እዩ።

## መሰላትካን መሰላት ውሉድካን

መንነትካን መንነት ውሉድካን ኣብቲ ሓበሬታ እንተ ተሓቢሩ፡ እዚ ዝስዕብ መሰል ኣሎካ:-

- ብዛዕባኻን ብዛዕባ ውሉድካን (እንተላይ ብዛዕባኹም ካብ መምህራን እተረኽበ ሓበሬታ) እንታይ ውልቃዊ ሓበሬታ ከም እተመዝገበ ክትፈልጥ፡
- ብዛዕባኻን ብዛዕባ ውሉድካን ንዝገልጽ ውልቃዊ ሓበሬታ ከተተዓራርዮ፡
- ናትካን ናይ ውሉድካን ውልቃዊ ሓበሬታ ንኽድምሰስ ክትሓትት፡
- ቅዳሕ ውልቃዊ ሓበሬታኻ (ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ) ክውሃበካ፡
- ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታ ናትካን ናይ ውሉድካን ናብ ቤት ጽሕፈት ሓለዋ ዳታ ወይ ከኣ ናብ ብዓል ስልጣን ሓለዋ ዳታ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

## ንዓኻን ንውሉድካን ዝምልከት ውልቃዊ ሓበሬታ ክንጥቀመሉ መሰል ዝህበና እንታይ እዩ?

ንዓኻን ንውሉድካን ዝምልከት ሓበሬታ ብስምምዕካ ኢና እንጥቀመሉ።

ዞባዊ ኮሚተ ስነ ምግባር ሕክምናውን ጥዕናውን ምርምር (REK) ነቲ ፕሮጀክት መርሚሩ ብመሰረት 6852 (22/10/2019) ኣጽዲቕዎ እዩ።

NSD – ማእከል ምርምር ዳታ ኖርወይ ንUiT - ኣርክቲካዊ ዩኒቨርሲቲ ኖርወይ ብምውካል፡ እዚ ፕሮጀክት እዚ ንውልቃዊ ሓበሬታ ዝጥቀመሉ መገዲ ምስ ሕግታት ምስጢራዊ ሓበሬታ ዝሰማማዕ እንተ ኾይኑ ኣረጋጊጹ እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ትኽእል?

ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ሕቶታት እንተልዩካ፡ ወይ መሰልካ ኽትጥቀም እንተ ደሊኻ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸበና:-

ማእከል ፍልጠት ቈልዑን መንእሰያትን ሰሜናዊ ዞባ (RKBU Nord)፡ ጆስዋ ፓትራስ ኢመይል:- pirm@uit.no ወይ ተሌፎን:- 776 46 265

- NSD – ማእከል ምርምር ዳታ ኖርወይ፡ ኢመይል:- personverntjenester@nsd.no ወይ ተሌፎን:- 55 58 21 17
- ብዛዕባ ኹነታትካ ንሰብ ሞያ ክተዛራርብ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዝርከብ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ምስ ሓኪምካ ወይ ምስ ኣማኻሪ ስደተኛታት ተራኸብ።

ምስ ኣኽብሮታዊ ሰላምታ

ኣካያዲ ፕሮጀክት

ጆስዋ ፓትራስ

# ሰነድ ስምምዕ

ብዛዕባ ፕሮጀክት መምርሒ ወለዲ ንስደተኛታትን ውሑዳን ዓሌትን ዝምልከት ሓበሬታ ተቐቢለን ኣንቢበዮን ተረዲአዮን እየ። ከምኡ ዉን ሕቶታት ኪሓትት ዕድል ተዋሂቡኒ እዩ።

**ኣብዚ ፕሮጀክት PIRM ንክሳተፍ ይሰማማዕ:**

- እዚ ፕሮጀክት ድማ ምምላስ ሕቶታት
- ቐረጻ ፊልም ኣብ ግዜ ተሳትፍነት ናይ ወለዲ መምሪሕታት ፕሮግራም የጠቃልል
- ከሳብ እዚ ፕሮጀክት ዝውዳእ ናተይን ናይ ውላደይን ውልቃዊ ሓበሬታታት ወይ ዳታ ኣብ ስራሕ ከዉዕልን ከዕቀብን
- ድሕሪ እዚ ፕሮጀክት ምስ ተወደአ እቲ ናተይ መልስታት ብመልክዕ ሕቡእ ስም ክኽዘን ወይ ክዕቀብ

| | |
|---|---|
| | • እወ: ይሰማምዓሉ እየ |
| | • ኣይፋልን: ኣይሰማምዓሉን እየ |

መምህር ናይ ውላደይ ብዛዕባ ውላደይ ኣብዚ ፕሮጀክት ዘለዎ ርክብ ዝምልከት መልስታት ክህብ ፍቓደኛ እየ። (እንተደኣ እቲ ቖልዓ ናብ ትምህርቲ ዝከይድ እንተኾይኑ)

| | |
|---|---|
| | • እወ: ይሰማምዓሉ እየ |
| | • ኣይፋልን: ኣይሰማምዓሉን እየ |

እንተደኣ ዕድመ ቀሪቡለይ ኾይኑ: ኣብቲ ዝግበር ቃለ-መጠይቅ ክሳተፍ ሰማማዕ እየ

| | |
|---|---|
| | • እወ: ይሰማምዓሉ እየ |
| | • ኣይፋልን: ኣይሰማምዓሉን እየ |

እንተደኣ ንውላደይ ዕድመ ቀሪቡሉ ኾይኑ: ውላደይ ኣብዚ ቃለ-መጠይቕ ክሳተፍ እሰማማዕ እየ

| | |
|---|---|
| | • እወ: ይሰማምዓሉ እየ |
| | • ኣይፋልን: ኣይሰማምዓሉን እየ |

| ኣብ ኣየነይቲ ዞባ/ ኣውራጃ ወይ ምምሕዳር ትቕመጡ? |
|---|
| |
| መን ኢዩ ስምካ? (ናይ መጀመርታን መወዳእታን ስምካ) |
| |
| ዕለትን ክታምን |
| |

**ብከብረትኩም ናብ ዝቕጽል ገጽ ይቀጽሉ።**

UiT RKBU Nord

PIRM

| ጾታኻ እንታይ ኢዩ? | |
|---|---|
| | ጓል ኣንስተይቲ |
| | ወዲ ተባዕታይ |
| ኣብ ኣየነይቲ ዓመት ኢኻ ተወሊድካ? | |
| | |
| ቁጽሪ ሞባይልካ ክንደይ ኢዩ? | |
| | |

**ኣብ መንጎ 6ን 12ን ዓመት ዝዕድሚኡ ዝዓበየ ውላድካ ምረጽ።** ብዘይካኻ፡ ኣብ ኖርወይ ዝቕመጥ ንውላድካ ክኣሊ ሓላፍነት ዘለዎ ካልእ ሰብ ኣሎ ድዩ? (ንኣብነት እቲ ካልእ ወላዲ)

☐ እወ ☐ ኣይፋልን

| እቲ ሰብ መን ኢዩ ስሙ? (ናይ መጀመርታን መወዳእታን ስሙ) | |
|---|---|
| | |
| እቲ ሰብ ጾታኡ እንታይ ኢዩ? | |
| | ጓል ኣንስተይቲ |
| | ወዲ ተባዕታይ |
| ኣበየናይ ዓመት ኢዩ እቲ ሰብ ተወሊዱ? | |
| | |
| እቲ ሰብ ኣብ ናይ ወላዲ መምርሒ ፕሮግራም ክሳተፍ ድዩ? እወ እንተደኣ ኮይኑ፡- ነዚ ሰብ ናብ ፓርም መጽናዕቲ (PRIM study) ክሓብር ክንዕድሞ ንደሊ ኢና። | |
| | እወ፡- እዚ ሰብ ኣብ ናይ ወላዲ መምርሒ ፕሮግራም ክሳተፍ እዩ። |
| | ኣይፋል፡- እዚ ሰብ ኣብ ናይ ወላዲ መምርሒ ፕሮግራም ኣይክሳተፍን እዩ። |

ነዚ ሊንክ እዚ ኣብቲ ናይ ኢንተርነት መድለዪ (web browser) ብምጽሓፍ ናትካን ናይ ዉሉድካን ከምኡ ድማ እንተ ሃሊዩ ናይ ተወሳኺ ኣላይ/ወላዲ ሙሉእ ሓበሬታ ክትመልእ ንሓትተካ።

**https://nettskjema.no/a/pirm-kontaktinfo-tigrinja**

ናይ ስድራቤትካ ሙሉእ ሓበሬታ ኣብቲ ናይ ኢንተርነት መድለዪ ምስ ኣእተኻዮ፡ በጃኻ ነቲ «ሰነድ ስምምዕ» (ገጽ 5ን 6ን) ናብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ልኣኮ፡-

*UiT Norges arktiske universitet*
*Postboks 6050 Langnes*
*Helsefak, RKBU NORD, PIRM prosjektet*
*9037 Tromsø*